## ኮሚቴ ጸጥታን ምክልኻልን ኣብ ፓርላማ ሱዳን ንምብራቓዊ ዶብ ሱዳን ንምክልኻል ዝዓለመ መደብ-ዕዮ ክትትግብር ምዃና ተረጋጊጹ። ናይ ቀቢላ ሃደንድዋ ጭቃ፡ ዘተ ምስ ተቓወምቲ ውድባት ክካየደሉ ዝኽእል ሰለስተ ቦታታት ይጠቅስ።

**ቤት ጽሕፈት ዜና**
**ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን**
**27.06.2005**

ኣቦ መንበር ኮሚቴ ጸጥታን ምክልኻልን ኣብ ፓርላማ ሱዳን፡ ንምብራቓዊ ዶባት ሱዳን ካብ ዝኾነ ይኹን ግዳማዊ ወራር ንምክልኻል ዘኽእል መደብ ዕዮ ክዳሎ ይጽውዕ። ኣቦ መንበር ኮሚቴ ጸጥታን ምክልኻልን ኣብ ፓርላማ ሱዳን፡ ኣልዓሚድ ሕጉጊ መሓመድ በኺት፡ ንመደበር ኣገልግሎት ዜና ሱዳን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እታ ኮሚቴ ንምብራቓዊ ዶብ ንምክልኻል ዘኽእል ለበዋታት ከተቕርብ ምዃናን፤ ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ዘለዎም ሰበ-ስልጣን ጸጥታን ሰበ-ስልጣን ሰራዊትን ናብ ዶብ ተላኢኾም ምህላዎምን ገሊጹ።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ጭቃ ቀቢላ ሃደንድዋ፡ ኣሰይድ መሓመድ ኣልኣሚን ትርክ፡ ምስቶም ኣብ ምብራቕ ብረት ዓጢቖም ዘለዉ ተቓወምቲ (ሙእተመር ኣልበጃን ኣልእሱድ ኣልሑራን) ዘተ ዝካየደሉ ቦታ ንምውሳን ብሸኾም ዕቱብ ጻዕርታት ይካየድ ምህላዉን፤ እተን ዘተ ክካይደለን ኢሉ ዝኣምነለን ከተማታት፡ ካይሮን ጅዳን ደውሓን ምዃነን ኣሚቱ።

---

## ሱዳን፡ ብወግዒ ንኤርትራ ኣብ ሕቡራት ሃገራትን ባይቶን ጸጥታን ከሲሳ

**ቤት ጽሕፈት ዜና**
**ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን**
**27.06.2005**

ኣሰይድ ሙስጣፋ ዑስማን እስማዒል፡ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሱዳን፡ ብዕለት 26.06.2005 ምስ ዋና ጽሓፊ ሕቡራት ሃገራት፡ ኮፊ ዓናንን፤ ምስ ኣቦ መንበር ባይቶ ጸጥታን (ፈረንሳዊ ወኪል) ተራኺቡ፡ ክሲ መንግስቲ ሱዳን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብወግዒ ኣቕሪቡ። ነቲ ንጸጥታ ናይቲ ዞባ ብሓፈሻ፡ ንጸጥታ ናይ ሱዳን ድማ ብፍላይ ንምዝራግ ስርዓት ኤርትራ ዝገብሮ ዘላ ዘይሓላፍነታዊ ወስታታት ደረት ክገብርሉ ጠሊቡ። ከምኡ ውን፡ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ናይቲ ኣብ ሱዳን ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ሰላም ሓላፍነት ክስከምን፤ ንስርዓት ኤርትራ ክልዝቡን፥ ንኣዕናዊ ግዴታቱ ደው ከብሉን ጸዊዑ።